# 4. ምትርጋም

ኣብ ባዝል ሓደስትን ሕጽረት ኣፍልጦ ቓንቓ ጀርመን ዘለኩም ሰባት ድኹም? ተርጎማ ሰነዳት ወይውን ኣፋዊ ትርጎማ ኣብ ዝኮነ ትካላትን ሕክምናታትን፡ ሓገዝ የድለየኩም ዶ? ኣብ ካንቶን ከተማ ባዝልን ባዝል ላንድን ብዙሓት ትካላት ኣገልግሎት ትርጎማ ጽሑፋውን ኣፋውን ዝህባ ኣለዋ። ንኣብነት ከም **GGG Ausländerberatung, das HEKS-Linguadukt beider Basel National** ከምኡ ድማ **Telefondolmetscherdienst** እየን።

ኣብዚ መዳይ እዚ ተርጎምቲ ዓቢ እጃም እዩ ዘለዎም፡ምክንያቱ ቐዳማይ ጽቡቕ ስልጠና ምትርጋም ስለ ዝወሰዱ ካልኣይ ድማ መብዛሕቶኦም ተርጎምቲ ንገዛእ ርእሶም ናይ ስደተኛታት ድሕረ ባይታ ስለ ዘለዎም ጽቡቅ ናይ ምውህሃድ ክእለት ኣለዎምን፡ ናይ ዝተፈላለዩ ባህልታት ባህሪ ከማሓላልፉ ካኣ ብቕዓት ኣለዎም።

**Die GGG Ausländerberatung** ንውልቀ ሰባት፡ትካላት፡ ሰብ መዝን ማሕበራትን ብርትዓዊ ዋጋ ጽሕፋዊ ኣገልግሎት ትርጎማ ይህብ፡ እቲ ዝተተርጎመ ካኣ ን ብማእከላይ ቤት ጽሕፈት ከተማ ባዝል ይራጋግጽ ፡ ብመንግስትን ዩኒቨርስትን ካኣ ቅቡል እዩ።

**Der Ausländerdienst Baselland** ALD ድማ ኣብ ፕራትለን ዝመደበሩ ኮይኑ ብ 60 ዝተፈላለየ ቓንቓታት ብርትዓዊ ዝኾነ ዋጋ ኣገልግሎት ጽሕፋውን ኣፋውን ትርጎማ ይህብ።

Der Dolmetscherdienst **HEKS Linguadukt beider Basel** ሓደ ኣፋዊ ኣገልግሎት ትርጎማ ዝህብ ማሕበር ኮይኑ፡ ንስደተኛታት ብዙሕ ጀርመን ቓንቓ ዘይክእሉ፡ ሰብ ሙያ ጥዕና ፡ትምህርትን ማህበራውን ይነጥፉ።ኣብ እንዳ ሓኪም፡ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ግዜ ዝርርብ መምሃራንን ወለድን ከምኡ ድማ ምስ ስራሕተኛታት መንግስቲ ጽፉፍ ኣገልግሎት ትርጎማ ይህብ።

ንሓጸርትን ቀለልትን ዝርርባት ዝትርጉም ትካል ድማ **National Telefondolmetscher dienst** ይባሃል። ብ 15 ቓንቓታትን ን24 ሰ ዓታት ኣገልግሎት ኣፋዊ ትርጎማ ይህብ፡ ንሓንቲ ደቂቕ ድማ ሰለስተ ፍራንከን ይከፈሎ ። እዚ ዓይነት ኣገልግሎት እዚ ኣብ ትካሎም ኮይኖም ብተርጋማይ ብስልኪ ዝገርብዎ ኣገልግሎት ትርጎማ እዩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ካኣ ኣብ ህጹጽ ኩነታትን ሓደጋን ዘገልግል እዩ።

ተሌፎን ቁጽሪ **0842 442 442** እዩ